ሰውራዊ ደሞክራስያዊ ግንባር ኤርትራ

الجبهة الديمقراطية الثورية الاريترية

**ERITREAN REVOLUTIONARY DEMOCRATIC FRONT**

# ስሙር ናይ መንእሰያትና ተሳትፎ፡
# ዝጠልብ ወሳኒ ናይ ቃልሲ መድረኽ፡

ተሳትፎ መንእሰያት፡ ኣብ ምዕባለ ሕብረተ-ሰብ፡ ክሳብ ክንደይ ዕዙዝን መተካእታ ዘይርከቦን ምዃኑ፡ ካብ ማንም ዝተሰወረ ኣይኮነን። ስለዝኾነ ድማ'ዩ'ም፡ መንእሰያት ሞቶር ምዕባለ ሕብረተሰብ እናተባሃሉ ዝጽውዑ፤ ኣብ ህዝባዊ ተጋድሎ ድማ፡ ኣብ ጫፍ ብልሒ ደው ብምባል፡ ናይ ደገን ናይ ውሽጥን ጸላእቲ ኣደብ ክገዝኡ ይኹን፡ ናይ መወዳእታ ግብኣተ መሬቶም ኣብ ምፍጻም፡ ወሳኒ ተራ ዘለዎም እዮም። እዚ ሓቂ'ዚ ንምርግጋጽ ናብ ዝሰፍሐ መዛግብቲ ታሪኽ ዓለም ምግልባጥ ዘእቱ የብልናን። ነዊሕን መሪርን ብረታዊ ተጋድሎና፡ እኹል ዎ-ቱሩፍ ታሪኽ ዘመዝገበ እዩ።

ኣብ'ቲ ካብ ሓምሳታት ጀሚሩ ክሳብ ተስዓታት ዝተኻየደ ሰላማውን ዕጥቃውን ቃልስና፡ ናይ መንእሰያት ኤርትራ ተራ፡ መዘና ኣይነበሮን፤ ብፍላይ ኣብ'ቲ ነዊሕን መሪርን፡ ደጋውን ውሽጣውን ብደሆታት ዝበዝሖ፡ ብረታዊ ተጋድሎና፡ ዝተጻወቱዎ ተራ፡ ኣብ ፍሉይ ታሪኽ ተኸቲቡ ይርከብ። እዞም ሎሚ ኣብ ነባራት ፖሎቲካዊ ውድባት ተወዲቦም፡ ኣንጻር ምልኪ ዝቃለሱ ዘለዉ፡ ዕድመ ዝደፍኡ፡ መራሕቲ፣ ካድራትን ኣባላትን ፖሎቲካዊ ውድባትና፡ ንስክላ ተረፍ መስዋእቲ ዝኾኑ፡ መንእሰያት ተጋደልቲ እዮም ነይሮም።

ተሳትፎ መንእሰያት ኣብ ምዕባለ ሕብረተሰብ፡ ብመንጽር ዝጽበዩዎ ረብሓ ዝዕቀን እዩ። ኣብ ህዝባዊ ተጋድሎ፡ ኣብ ብልሒ ጫፍ ተሰሊፎም፡ ክሳብ ሂወት ዝኣክል ክቡር ዋጋ ዝኸፍሉ፡ ንዝኣመኑሉ ዕላማ ንምዕዋት እዩ። ካብ ስሳታት ጀሚሩ ክሳብ ሰብዓታት፡ ኣብ ብረታዊ ተጋድሎና ዝተራእየ ማዕበላዊ ተሳትፎ መንእሰያት ኤርትራ፡ ካብ መሪር ጽልኢ ባዕዳዊ ኣገዛዝኣ ኢትዮጵያ ዝተበገሰ፡ ጻምእ ሃገራዊ ነጻነት ዝደረኾ እዩ ነይሩ። ይኹን'ምበር፡ ተሳትፎ መንእሰያትና ኣብ ነዊሕን መሪርን ብረታዊ ተጋድሎና፡ ከቢድ ብደሆታት ዝሓለፈን፡ ሓፍ ዞቕ ዝበዝሖን ምንባሩ ሓቂ እዩ። መበገሲኡ ድማ፡ ባዕዳዊ መግዛእቲ ኢትዮጵያ፡ ሓያላት ዘራያት ኣብ ጎድኑ ኣሰሊፉ፡ ሰውራና ንምጭፍላቕ ዘካይዶ ብዝነበረ ተደጋጋሚ ወራራት ኣይነበረን። ቀንዲ መበገሲኡ ውሽጣዊ እዩ ነይሩ። ላዕለዎት መራሕቲ ሰውራ፡ ሜዳ ኤርትራ መን ብሒቱ፡ መጻኢ ስልጣን ኤርትራ ተቖጻጺረ ካብ ዝብል፡ ፍጹም ጸረ ዲሞክራስያዊ ኣረኣእያ ዝብገስ፡ ቀጻሊ ኲናት ሕድሕድ፡ ዘዕረፎ በሰላ እዩ ነይሩ።

ከም ዝፍለጥ፡ ሰውራና ካብ 1972 ክሳብ 1978 ኣብ ዝነበሩ ናይ ቃልሲ ዓመታት፡ ብኲናት ሕድሕድ ዝጠፍእ መንእሰይ ተጋዳላይ ቁጽሩ ቀሊል'ኳ እንተዘይነበረ፡ ኣብ ልዕሊ ሰራዊት ባዕዳዊ መግዛእቲ እትዮጵያ ብዝተኻየዱ ጽዑቓት ወታሃደራዊ ወፍርታት፡ ኣንጸባረቕቲ ዓወታት ዝተመዝገቡሉ፡ ጸላኢ ኣብ ብጣዕሚ ዉሑዳት ከተማታት ተቐርቂሩ፡ ናይ መወዳእታ ዕርበቱ ዝጽበየሉ እዋን ነበረ። ኣብ'ቲ እዋን'ቲ ኣብ ቅድሚ ሰውራና፡ ክልተ ዓበይቲ በዳህቲ ሕቶታት ተገተራ።

**ንሳተን ድማ፡-**

1. እቶም ካብ በረኻታት ኤርትራ፡ ብምብራቕን ብምዕራብን በብሸነኾም ደፊኦም፡ ንከተማ ኣስመራ ኣብ ሙሉእ ክባ ዘእተዉዋ ውድባትና፡ ዓቕምታቶም ኣስሚሮም፡ ባዕዳዊ መግዛእቲ ኢትዮጵያ ንመወዳእታ ጊዜ፡ ዕምሩ ዘሕጽር፡ ስሙር ወፍሪ የካይዱ ዶ?
2. ኣብ'ቶም ሓራ መሬት ኤርትራ ንምስፋሕ፡ ዝተኻየዱ ጽዑቓት ውግኣት፡ ዝተመዝገቡ ድሙቓት ዓወታት፡ ብመስዋእትን መቕሰልትን ዝጎደሉ፡ ቁጽሮም ብርክት ዝበሉ ተጋደልቲ ነይሮም'ዮም፤ ስለዚ ነቶም ዝተረኽቡ ዓወታት ዓቂብካ፡ ሃገራዊ ነጻነት መሊእካ ንምርግጋጽ፡ መተካእታ ጥራሕ ዘይኮነስ፡ ተዓጻጻፊ መንእሰያዊ ዓቕሚ ናይ ምስላፍን ምስልጣንን ዕማማት፡ ከመይ ይዕወቱ? ዝብላ በዳህቲ ሕቶታት፡ እየን።

ይኹን'ምበር ነተን ክልተ ወሰንቲ ሕቶታት፡ ብብቕዓት ዝምልስ መሪሕነት ሰውራ ኣይነበረን። ሰራዊታት ተሓኤ-ጀብሃን ህግሓኤን፡ ንከተማ ኣስመራ ኣኽቢቦም፡ ደምሳሲ መጥቃዕቲ ከካይዱ፡ ናይ መወዳእታ ፊስካ ክህረመሎም እናተጸበዩ እንከሎዉ፡ ኣብ ዝተፈላለዩ ከባቢታት፡ ኲናት ሕድሕድ ደጊሱ፤ ከቢድ ሰብኣውን ሞራላውን ኪሳራ ኣውሪዱ፤ ፋሽስታዊ ስርዓት ደርጊ ድማ፡ ነቲ ኩነታት ተበሊጹ፡ ናይ ሶቭየት ሕብረት ኩሉ መዳያዊ ደገፍ ሰኒቑ፡ ሰፊሕ ኩሉ-መዳያዊ ወራር ብምኽፋት፡ ኣብ ልዕሊ ሰውራና፡ ጊዝያዊ ልዕልነት ረኺቡ።

ኣብ'ቲ እዋን'ቲ፡ ናይ መንእሰያትና፣ ኣብ ነጻ ተበግሶ ዝተመስረተ መስርሕ ምግዳል፡ ኣዕርዩ ኣንቀልቀለ። በቶም ሽዑ ዝነበሩ ዓበይቲ ውድባት፡ ዝተመረጸ ኣንፈት፡ ብሽም ሃገራዊ ኣገልግሎትን ብግፋን፡ መንእሰይ ናብ መስርዕ ምግዳል ምስላፍ ኮነ። መሪሕነት ህግሓኤ፡ ካብ 1980-81 ዓ.ም. ሜዳ ኤርትራ ብሒቱ ካብ ዝሓዘሉ እዋን ንደሓር ድማ፡፡ መንእሰያት ብግዲ ናይ ምስላፍ ፖሊሲኡ ኣሐይሉ ቀጸሎ። ነባርን ሓድሽን ዓቕሚ ተዋዲዱ፡ ጸረ-ባዕዲ ዝካየድ ተጋድሎ እናደልደለ፡ ናብ ስትራተጂካዊ መጥቃዕቲ ብምስግጋር፡ ንባዕዳዊ መግዛእቲ ኢትዮጵያ ብምጽራግ፡ መሬት፣ ባሕርን ሰማይን ኤርትራ ሓራ ክውጽእ በቕዐ፡፡

ምስ ሕሉፍ ብረታዊ ተጋድሎና ብዝተታሓሓዘ፡ ከም ፍሉይ ተሞኩሮ ክንዝክሮ ዘሎና፡ እቲ ብሓይሊ ተገፊፉ ዝተጋደለ መንእሰይ ኤርትራ ዝሰርሖ መስተንክር ቅያ እዩ። ኣብ እዋን ብረታዊ ተጋድሎና፡ ብኩናት ሕድሕድን ሳዕቤናቱን ተደናጊጹ፡ ሞራሉ ተሃሪሙ፡ ናይ ምግዳል ተበግሶኡ ዛሕቲሉ ዝነበረ መንእሰይና፡ ተገፊፉ ተሰሊፉ፤ ሰልጢኑ፤ ተዓጢቑ ናብ ግንባር ምስ ተሰለፈ፡ ካብ ነባራት ኣቦታቱ፣ ኣደታቱ፣ ኣያታቱን ሳንዳታቱን፡ ተሞኩሮን ሓቦን ሰኒቑ፡ ባዕዳዊ መግዛእቲ ኣብ ምድምሳስ፡ ታሪኽ ሰሪሑ እዩ። እዚ ድማ  ብዘይ ምኽንያት ኣይነበረን። መንእሰይና ካብ ምግዳል እግሩ ክስሕብ፡ ተበግሶኡ ክዝሕትል ዝተገደደ፡ ናይ መሪሕነታት ሰውራ ጸረ ዲሞክራስያዊ ባህርያትን ተግባራትን'ምበር፡ ኣብ ሕቶ ሃገራዊ ነጻነት፡ እምነት ብምጉዳሉ ከምዘይነበረ ዘረጋገጸ እዩ። ዝቐደሙ ወለዱ ዝተጋደሉሉን መስዋእቲ እናኸፈሉሉ ዝመጹ ሕቶ ሃገራዊ ነጻነት፡ ንዕኡ'ውን ብቐጥታ ዝምልከት ሃገራዊ ዕላማ ምዃኑ፡ ኣብ ኣእምሮኡ ተሓቲሙ ብምንባሩ እዩ። ስለዝኾነ'ውን፡ ኣብ'ቲ እዋን'ቲ፡ ኣማኢት ኣሽሓት መንእሰያት ኢትዮጵያ፡ ብሽም ብሄራዊ ውትህድርና ሰልጢኖም፡ ዘበናዊ ኣጽዋርን እኹል ሎጂስቲካዊ ዓቕሚ ወኒኖም፡ ፍትሓዊ ሕቶ ህዝብታትና ንምጭፍላቕ፡ ኣብ ዘካየዱዎም ወራራት፡ ኣብ መሬት ኤርትራ፡ ከም ቆጽሊ ረጊፎም ክተርፉ እንከሎዉ፡ ብኣሽሓት ዝቑጸር መንእሰይ ኤርትራ፡ ብሓይሊ ተገዲዱ ተሰሊፉ፡ ኣብ ዝተፈላለዩ ዓውዲ ውግኣት ዓሪዱ፡ ተኸሺሑ፡ ናብ ናይ መወዳእታ ታሪኻዊ ዓወት ዝበቕዓሉ ተኣምር፡ ፉሉይ ዕድል ስለዝነበሮ ኣይኮነን፡ ምስጢር ተዓዋትነቱ፡ ሓንትን ንጽርትን'ያ ነይራ፡፡ ንሳ ድማ፡ እታ ወለዱ፣ ኣሕዋቱን ኣሓቱን ክዋደቑላ ዝጸንሑ ሕቶ ሃገራዊ ነጻነት፡ ንዕኡ'ውን ትምልከቶ፡ ካብ ልቡ ዝብህጋ ቅንዕትን ፍትሓዊትን ዕላማ ብምንባራ ጥራሕ እዩ።

ከም'ቲ ደጋጊምና እናበልናዮ ዝመጻና፡ ኤርትራ ብነዊሕን መሪርን ተጋድሎ ህዝብታታ ብሓፈሻ፡ ኣብ ብልሒ መላጸ ደው ኢሎም ን10-ተታት ዓመታት ዝተጋደሉ መንእሰያት ደቃ ድማ ብፍላይ፡ ንሙሉእ ሓርነት በቒዓ፤ ብመስርሕ ሪፈረንደም ድማ፡ ነጻነታን ልዑላውነታን፡ ዓለም ለኻዊ ተቐባልነት ረኺቡ'ዩ። ሓደን ብጉርሑ ካልእን ብገርሁ፡ ከም ዝባሃል፡ ርእሰ ፋሽስት ኢሳያስ፡ ካብ ሜዳ ጀሚሩ ብዝወደቦ ጸረ ህዝብን ጸረ ዲሞክራስን ጉጅለ ተሓጊዙ፡ ልዕልነቱ እናረጋጸ ከይዱ፤ ብደምን ኣዕጽምትን መንእሰያት ኤርትራ፡ ፖሎቲካዊ ስልጣን ካብ ዝጨበጠላ ዕለት ጀሚሩ ድማ፡ ኩሎም መብጻዓታት ብርእዮ እናጠለመ ቀጺሉ። ሃገራዊ ነጻነት እንተተዓዊቱ፡ ኩሎም ብባዕዳዊ መግዛእቲ ዝተነፍጉዎ መሰረታዊ ረብሓታት፡ ክማልኡሉ ዝተጸበየ መንእሰይ ኤርትራ፡ ምድሪ ከምዝወግሖ ዝብኢ፡ ኣብ ጥራሕ ጎልጎል ዕንይንይ ክብልን፡ ማእለያ ዘይብሎም ሕሰማት ክሽከም ተፈሪዱ። ከም ግኡዝ ኣቓሓ፡ ዕድሙኡ ሙሉእ፡ ፖሎቲካዊ ስልጣን ኢሳያስን ጉጅልኡን ንምክልኻልን ንምድልዳልን፡ ብሽም ሃገራዊ ኣገልግሎት ተገዲዱ እናተሰለፈ፡ ኣብ ተደጋጋሚ መጋርያ ኲናት ክህንኮትን ናብ ፎቖዶ ስደት ክብተንን ጸኒሑን ኣሎን።

በቲ ካልእ ወገን፡ ኣብ ነጻነታዊ ተጋድሎና ዝቦቖሉ ይኹኑ ድሕሪኡ ዝተመስረቱ ዝተፈለለዩ ፖሎቲካዊ ውድባትና፡ ካብ ጽባሕ ሓርነት፡ ኣንጻር ውልቀ መላኺ ኢሳያስን ጉጅልኡን፡ ክቃለሱ ጸኒሓምን ኣሎዉን። ቀንዲ ባይታ መቃለሲኦም፡ ማእከሉ መሬት ኤርትራ ዘይምዃኑ፡ እቲ ዝዓበየ ድኽመት ኮይኑ ይቕጽል ኣሎ። እቲ ኣዝዩ ዝባኣሰ ድማ፡ ካብ ሕሉፍ ምፍንጫል ሓይልታት ሰውራን ኣሉታዊ ሳዕቤናቱን፡ ብቑዕ ትምህርቲ ብዘይምውሳዶም፡ ብጣዕሚ ከቢድ ዋጋ ይኸፍሉ ምህላዎም ኣብ ባይታ ዝረአ ዘሎ  መሪር ሓቂ እዩ። መንእሰያት ኤርትራ፡ ብጸረ ህዝብን ጸረ ዲሞክራስን ኣገዛዝኣ ርእሰ ፋሽስት ኢሳያስ ሰኪሖም፡ ንዓዶም ኩቦ እናደርበዩላ፡ እግሮም ናብ ዝመርሖም ስደት እናጠፍኡ ከምዝጸንሑ ዋሕስ ኣግብእ ዘድልዩ ኣይኮነን። መንእሰያትና፡ ነቶም ጸረ ውልቀ መላኺ ስርዓት ኢሳያስ ዝኾኑ ፖሎቲካዊ ውድባት፡ ከም መቃለሲ ባይታ ርእዮም ክዓስሉ ኣይተራእዩን፤  ፖሎቲካዊ ውድባት ኤርትራ፡ ቀልቢ'ቲ ኣዝዩ ዝተወጸዐ መንእሰይ ኤርትራ ዘይሳሓባ፡ ሕድሕድ ምትእምማን ኣብኲረን፡ እናተራጋሓ ምምጸአን ጥራሕ ኣይኮነን። እቲ ቀንዲ ምኽንያት፡ ቀልቢ ህዝብታትና ብሓፈሻ፡ መንእሰያትና ድማ ብፍላይ ዝስሕቡ፡ ንጭቡጥ ክውንነትና ዘንጸባርቑ፡ ተባራዕቲ ሕቶታት ህዝብታትና ዝምልሱ፡ እዋናዊ ዕላማታት፣ ስትራተጅን ስልትን ሓንጺጸን ክቃለሳ ዘይምብቀዐን እዩ። ኣብ ሕቶ ምሕዝነት ዝኸተለአ ኣንፈት፡ ብጸቢብ ውድባዊ ሒሳባት ዝጽሎ እዩ። ብድምጺ ህዝቢ ክውሰኑ ዝግበኦም ናይ ርሑቕ ዕላማታትን፡ ኣንጻር ናይ ሓባር ደመኛ ጸላኢና ዘቃልሱና እዋናውያን ዕላማታትን፡ ካብ ምድውዋስ ሓራ ስለዘይወጻ እየን። ናይ ውልቀ ውድባት ፍሉይ ዕላማን መልክዕ ውደባን፡ ተቐባልነት ዘይረኸበ ካብ ዝብል ስምዒት፡ ሓራ ዘይምዃን ይቕጽል ብምህላዉ'ውን እዩ። ስለዝኾነ'ውን ብደረጃ ሰፊሕ ጽላል ዝተወደባ ይኹን ውልቀ ውድባትና፡ ናይ ህዝብታትና ብሓፈሻ፡ ናይ መንእሰያትና ድማ ብፍላይ፡ ቀልቢ ክስሕባ ኣይበቕዓን። ስለዝኾነ'ውን ብርክት ዝበሉ ነባራት መራሕቲ ዘለዉወን ውድባት ኤርትራ፡ ኣብ ዲያስፖራ እናሃለዋ፡ ብሽም ብርጌድ ንሓመዱ ናብ ማዕበላዊ ምንቅስቓስ ዝኣተዉ መንእሰያት ኤርትራ፡ ካብ ውልቃዊ ተሳትፎ ኣባላት ውድባትና ወጻኢ፡ ምስ ነባራት ውድባት ተዋሃሂዱ፡ ቃልሱ ከካይድ ዘይተራእየሉ መሰረታዊ ምኽንያት፡ ኣሕዲሩዎ ዝጸንሐን ዘሎን ጉድለት ምትእምማን፡ ዕምቆቱ ዘርኢ እዩ።

ንፍቶ ንጽላእ፡ ኣንጻር ውልቀ መላኺ ኢሳያስን ጉጅልኡን ዝካየድ ዲሞክራስያዊ ቃልሲ ህዝብታትና፡ ነባራት ውድባትና፡ ካብ ሰፊሕ ተሳተፎ መንእሰያት ኤርትራ ወጻኢ፡ ሓንቲ ስድሪ ንቕድሚት ክወስዱዎ ከምዘይክእሉ ግብራዊ ተሞኩሮና ሕርሕራይ ገይሩ ኣርእዩና ኣሎ። በቲ ካልእ ወገን፡ ካብ ብቑዕ ተሳትፎ፣ ናይ ቀረባ ሓገዝን ምኽርን ነባራት ፖሎቲካዊ ውድባት ወጻኢ፡ ንበይኖም፡ ኣንጻር ገባቲ ስርዓት ኢሳያስ ዘካይዱዎ ቃልሲ፡ ከበድቲ ፈተናታት ከምዘጋጥሞም፡ ማዕበላዊ ምንቅስቓስ ብርጌድ ንሓመዱ ዘሕለፎ ዘሎ ፖሎቲካውን ውደባውን ሂወት እኹል ምስክር እዩ።  ከም ተሞኩሮ ብረታዊ ተጋድሎና፡ መንእሰያት ኣገዲዱ ወይ ድማ ኣደናጊሩ፡ ዝሕይል ይኹን ተቓሊሱ ዝዕወት ውድብ ወይ ሰፊሕ ጽላል፡ ክህሉ ድማ፡ ኣይክእልን። እዚ ኣንፈት'ዚ ግዝይኡ ዝሓለፎ፡ ንዘለናዮ ዘበን ፈጺሙ ዘይምጥን፡ ድሑርን ጸረ ዲሞክራስን ኣሰራርሓ እዩ። ስለዚ ድማ፡ ብሓድሽ ኣረኣእያን ኣሰራርሓን፡ ነብሰ ምትዕርራይ ዝጠልብ ሓድሽ ናይ ቃልሲ መድረኽ ኣቲና ምህላውና ምስትውዓል ይሓትት። ኣብ ቅድሜና ዘሎ ከቢድን ዝተሓላለኸን ናይ ቃልሲ መድረኽ፡ ስሙር ናይ መንእሰያትና ናይ ቃልሲ ተሳትፎ ንምርግጋጽ እንጽዕረሉ ክኸውን ይህልዎ። ካብ'ዚ ወጻኢ፡ ካልእ መንገዲ ቃልስን ዓወትን የልቦን። ሰደግኤ ከም ውድብ ይኹን ከም ኣባል ፖሎቲካዊ ሓይልታት ኤርትራ(ፖሓኤ)፡ ብሓድሽ መንፈስን ቅኑዕ ኣረኣእያን፡ ናይ ቃልሲ ኣበርክቱኡ ከዕዝዝ ድሉው ምህላዉ የረጋግጽ።

**ቤት ጽሕፈት ዜናን ባህልን ሰደግኤ፡**
**20 ለካቲት 2026**